ኤጀንሲ ልምዓት ኣናእሽተይን ማእኸለዋትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ ክልል ትግራይ ፅሕፈት መሳርሒ፣ ዝተፈላለየ ዓይነት ጎማን ባትርን ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ነዞም ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ረቋሒታት እተማልኡ ነጋዶ ክትወዳደሩ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም መስከረም 12, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 22, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 22, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 በቲ ዘርፊ ናይዚ ዘመን ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ (ቲን) ሰርቲፊኬት ከቅርብ ዝኽእል

3 ንተወሳኺ እሴት ታክስ ቫት ዝተመዝገበ ኮይኑ ቫት ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ ወርሒ ሓምለ 2010 ዓ/ም ቫት ዲክላሬሽን ከቕርብ ዝኽእል

4 መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምኳኑ ሕጋዊ ምስክር ወረቀት ከቕርብ ዝኽእል

5 ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 30.00 (ሰላሳ) እናኸፈሉ ካብ ኤጀንሲና ዳይሬክተራት ዕደጋ፣ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን 5ይ ደብሪ ካብ ዕለት 07/01/2011 ዓ/ም -21/01/2011 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቕራብን ምውሳድ ይከኣል።

6 ዝቐረብ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ኦርጂናልን ሓደ ኮፒን ነንበይኑ ብሸምዒ ብዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ኮይኑ ኣብ ልዕሊኡን ናይ መቕረባይን ሙሉእ ሽም ፣ናይቲ ትካል ኣድራሻ ፣ስልኪ ቁፅሪ ናይ ምንታይ ዓይነት ምኳኑን ናይዚ ቤት ዕዮ ሽም ክሕብር ኣለዎ።

7 ተጫረቲ ዘትሐዝዎ መኽበሪ ጨረታ ንፅሕፈት መሳርሒ ብር 4000.00 (ኣርበዕተ ሽሕ) ንዝተፈላለየ ዓይነት መኪና ጎማን ባትርን ብር 5000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ብሸም ኤጀንሲ ልምዓት ኣናእሽተይን ማእኸላዎትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ ክልል ትግራይ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብሲፒኦ ናብ ዝተዳለወ ቤት ዕዮና ጨረታ ሳንዱቕ ወይ ደማ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ከቅርብ ዝክእል

8 ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዘኾነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ንብረት ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዕዝያ ናብ ቤት ዕዮና ስቶር ክፍሊ በቲ ክፍሊ ዝተሓተተ ፅሬትን መጠንን ክቐርብ ዝኽእል

9 እቲ ጨረታ ዕለት 22/01/2011 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:30 ቅድሚ ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 4:00 ቕድሚ ሰዓት ኣብ ክ/ከተማ ሓወልቲ ፊት ንፊት ፐላኔት ሆቴል ዝርከብ ሰናይ ዘበን ህንፃ 5ይ ደብሪ ኤጀንሲ ልምዓት ኣነእሽተይን ማእኸለዋትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ ክልል ትግራይ (ዳይሬክተራት ዕደጋ ፋይናንስ ንብረት ምምሕዳር) ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ዝኽፈት ኮይኑ ተጫረቲ ብዘይምረካቦም ጨረታ ምኽፋት ኣይተኣጎገልን።

10 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ቫት ዝሓወሰ ክኸውን ኣለዎ ተዘይኾይኑ ቫት ከምዝሓወሰ ርዱእ ተገይሩ ይውሰድ።
11 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ ጨረታ ካብ ዝኽፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን45 መዓልቲ ይኸውን።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ኤጀንሲና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

13 እቲ ጨረታ ምስተኸፈተ ኤጀንሲና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት ዓቐን ወይ ዋጋ ከምኣድላይነቱ ካብ ነብሲ ወከፍ ነፀላ ኣቅሓ ክሳብ 20% ክቅንስ ወይ ክውስኽ ይኽእል እዩ።

14 ሰዓራይ እቲ ዘቕረቦ ንብረት ብበዓል ሞያ ወይ ዝምልከቶ ኣካል ተፈቲሹ ትኽክለኛነቱ ምስተረጋገፀ ኣታዊ ይኸውን።

ንተወሳኺ ሐበሬታ ስ.ቁፅሪ 0342-400009 ምድዋል ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle